# መዓልቲ ስንኩላን ኤርትራ ኣብ ከተማ ከለን ኣብ ዝኸበረሉ

# 2250€ ንማሕበር ስንኩላን ኤርትራ ተወፍዩ

እዚ መቐጸልታ ናይቲ ቅዱስ ሓላፍነታዊ ተበግሶ ኣብ ኩሉ ከተማታት ጀርመን ብሃ.ማ.ደ.ኤ. ጀረመን ተማእኪሉ ካብ 2009 ዓ.ም. ጀሚሩ ዝካየደ ዘሎ መደብ መዓልቲ ስንኩላን ፡ ብዕለት 11.01.2020 ኣብ ከተማ ከለን ብሃ.ማ.ደ.ኤ. ዝተዳለወ ምስ ሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራውያን ከተማ ከለን ብምትሕብባር ዕዉት ዝኾነ ሃገራዊ መዓልቲ ስንኩላን ተኻይዱ።




መደብ ብዝኸሪ ሰማእታት ብድሕሪ ምኽፋት ኣደ መንበር ሃ.ማ.ደ.ኤ. ንኡስ ጨንፈር ከለን ወ/ሮ ቅዱሳን ገብረእዝጋቢሄር ንተሳተፍቲ ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩ ጽቡቕ ምንዮታ ብድሕሪ ምግላጽ ንሰለስተ ታሕሳስ ኣህጉራዊ መዓልቲ ስንኩላን 2019 እተዳለወት ቃል ኣቦ መንበር ማሕበር ሃማሓስኩኤ ኣቶ ገብረብርሃን እያሱ ኣብ ዘምበበትሉ ፡ ቀንዲ ዓላማ ናይዚ ጽምብል ናይ 25 ዓመት ውጺኢት ስርሑን



ራእዩን ድምር ዓወታቱን ንምንጽብራቕ ኮይኑ ፥ስንኩላን ብቑዓት ኣፈኛታት ናይ ጉዳዮም ምዃኖም፡ ብዘይካኦም ካልእ ካብኦም ንላዕሊ ብዛዕባ ኩነታቶም ዝፈልጥ ከምዘየለን፡ሓርበኛታት ስንኩላን ኲናት ኣፍሪይቲ ደኣ'ምበር ተጸበይቲ ንኸይኮኑ ማሕበር ምስ መንግስትን መሻርኽቱን ብምዃን፡ ዓበይትን በዳህትን ስራሓት ከምዝተግበረ ገለጸት። እቲ ጾር ናብ መንግስቲ ጥራይ ይዘዙ ስለዘሎ ግዳ፡ ሕብረተሰብ ኣፍልጦኡ ብዛዕባ ስንክልና ኣበሪኹ ኣበርክቶኡ ከዕዝዝን ሓላፍነት ስንኩላን ኲናት ክስከምን ድማ ኣጥቢቓ ተላበወት።



ስዒቡ ብኣቦ መንበር ሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራውያን ኣቶ መንግስተኣብ ኣርኣያ ነቲ ኣወንታዊ ተበግሶ ሃማደኤ ኣብ ውሽጢ ሃገር ተበጊሱ እንሆ ኣብ ጀርመን ብኹለን ሃገራውያን ውዳቤታትን ግዱሳት ኤርትራውያን ምሉእ ተቐባልነት ረኺቡ ኣብነታዊን ህያውን መትከላውን ስራሕ ቀጻልነቱ ክዓቢ ሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራያን ከተማ ከለን ድማ ወትሩ ኣብ ጎኒ ሃማደኤ ከምዝኾነ ብምርግጋጽ ምሉእ ደግፉ ገለጸ።




እዚ ኮናት ስንኩላትና ንምሕጋዝ ዝተወሰደ ስጉምቲ ኩሉ ግዜ ዕዉት ግብራውን ንምግባሩ ብዝተወሰደ ንጥፈታት ኣብዚ ምሸት'ዚ ብወፈያ ዝኣተወ 2250.00 ኦይሮ ብማእከለነት ኣደ መንበር ሃማደኤ ጀርመን ወ/ሮ ዑቕባ ኣፍወርቂ ብቁጽሪ ሕሳብ ማሕበር ስንኩላን ኤርትራውያን ሽቱትጋርት ንማሕበር ስንኩላን ኮናት ተጋደልቲ ኤርትራ (ማ.ስ.ኮ.ተ.ኤ) ከምዘበጽሕ ተጌሩ።




*ተሳተፍቲ ብዓል ኣብቲ ብኣባላት ሃ.ግ.ደ.ኤ. ተወደበ ብግዱሳት ዓበይትን መንእሰያትን ኣባላት ሃገራውያን ውዳቤታት ከተማ ከለንን ከምኡውን ግዱሳት መንእሰያት ኣባላት ኮሚቴ መንእሰያት ማሕበረኮም ከለንን ከባቢኣን ዝተዳለወ ማሕበራውን ፖለቲካውን ባህላውን ዘመናውን ዋዛ ምስ ቁምነገር ሓዘለ ልዙብን ኣስተምሃሪን መዘናግዒን መደባት ብምውሳእ ብውዕዉዕ ሃገራዊ መንፈስ ነዛ ክብርቲ ዕለት ብቐጻሊ ኣበርክትኦም ንኸዕዝዙ ድልዋት ምዃኖም ቃል ብምእታው ፤ ኣህጉራዊ መዓልቲ ስንኩላን ብዓለም ደረጃ ንመበል 28 ዓመት ኣብ ሃገር ኸኣ ንመበል 24 ዓመት ዝጽምበል ዘሎ ኣብ ከተማ ከለን ብዓወት ተዛዚሙ።*

























*ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰውኣትና*

*ዓወት ንሓፋሽ*